# COVID-19 ናይ ገዛ ክራይ ረድኤት ሓገዝ ገንዘብ (Rent Relief Grants) ኻልኣይ ዙር/Round Two

ሕቶታትን መልሲታትን

TIGRINYA
ትግርኛ

**ሕጋዊ**

## Rent Relief Grant እንታይ እዩ?

ሰባት ናይ ናይ ገዛእ ርእሶም ገዛ ንክኻረዩ ናይ ቪክቶሪያ መንግሥቲ ንገዛ ክራይ ረድኤት ዝኸውን ሓገዝ ገንዘብ ኣዳልዩ ኣሎ። ኣብ 2021 ዓ.ም ቅድም ኢሉ ዝተወድአ ተመሳሳሊ ፕሮግራም ብናይ ቪክቶሪያ መንግሥቲ ኣካዩ።

- እቲ ሓገዝ ገንዘብ ዝውሃቦ ብሰንኪ ለበዳ ኮሮናቫይረስ (COVID-19) ናይ እቶት ምንጭ ንዝሰኣኑ ቪክቶሪያውያን እዩ፡፡ እዚ ንገዛ ክራይ ንምኽፋል ጸገም ንዘለዎም ቪክቶሪያውያን ክሳብ $1,500 ዶላር ክፍቕደሎም ይኽእል።

## መን እዩ Rent Relief Grant ክረኽብ ዝፍቐደሉ?

ሓገዝ ገንዘብ ዝፍቀደልካ ንክትከውን ነዞም ዝስዕቡ ከተልእ ኣለካ:

- ምስ ዘካርየካ በዓለንብረት ንገዛ ክራይ ቅነሳ ንክገብረልካ ስምምዕ ጌርካ እሞ ሕጋዊ ጽሑፋዊ  መርትዖ ምቕራብ
- ኣብ ሰሰሙን ትረኽቦ እቶት መጠን ትሕቲ $1,208.85 ዶላር (ሓዳር ዘይብሉ) ወይካኣ $1,813.46 (ሰብ ሓዳር)
- እቲ ንኣካራዩ እትኸሎ ክራይ እቶትካ ካብ 30% ንላዕሊ ምስ ዝኸውን
- ዘቐጠብካዮ ገንዘብ ትሕቲ $2,000 ዶላር ምስ ዝኸውን

እቶም ዘምልክቱ ናይ ዜግነት ወይኻዓ ናይ ቋሚ ነባርነት ምኽን ኣየድሊን እዩ።

## ንሓገዝ ገንዘብ ብኸመይ ከምልክት እኽእል?

ንRent Relief Grant ብኦንላይን ኣብ መርበብ ኢንተርነት  <https://rentrelief.covid19.dhhs.vic.gov.au/> ብምእታው ከተመልክት ትኽእል

## ነቲ ሓገዝ ገንዘብ ንምንታይ ክጥቐመሉ እኽእል?

እቲ ሓገዝ ገንዘብ እንተ ዳኣ ተፈቒዱልካ፤ እቲ ክፍሊት ብቐጥታ ንናትካ ኣካራዩ ይውሃብ፡ እዚ'ውን ከም ናትካ ገዛ ክራይ ጸኒሕ ወይ ካኣ ኣብ መጻኢ ናይ ገዛ ክራይ ዕዳ ወይ ውዕል ክፍሊታት ምእንታን ክኸውን ዝተከፈለ እዩ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክረኽብ እኽእል?

እዋናዊ ዝኾነ ሓብሬታ ን COVID-19 Rent Relief Grants> ኣብ መርበብ ኢንተርነት <https://www.housing.vic.gov.au/help-renting/rentrelief> ብጽሑ፡

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ንዝኾነ ሓበሬታ ናይ ኣስተርጓማይ ሓገዝ እንተደሊኻ ንትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት (Translating and Interpreting Service) (TIS ብሃገራዊ) ኣብ 131 450 ደዉል።

ብናይ መንግስቲቪክቶሪያ ፍቓድ ተሓቲሙ ዝወጸ ኣድራሻ፡ 1 Treasury Place, መልቦርን

© ክፍሊ ሃገር ቪክቶሪያ፣ ኣውስትራሊያ፣ Department of Families, Fairness and Housing። ጥቅምቲ/October 2021.